# ወዛማት ደቂ ሃገረይ

ኣብ`ቲ ዓዲ፡ ኣብ ሕርሻ
ትምሕሳ ትሓፍሳ፣
ቁልቁል ወሪድክን፡ ዓቐበት ትድይባ
ቀለብ ዓመትክን ቆፎታትክን ክትላብባ።

ደርሆ-ነቆ ወጋሕታ
ትጥሕና ትልንቅጣ
ትቕጭቅጫ ትስንክታ
ብዘይ ሰዓት... ኣብ `ታ ሰዓታ!!

`ቲ ቅጭን ኩታ ትፈተለኦ
`ቲ ብቂሐ-ጽልሚ- ርግሀ.. ትሰፍየኦ
`ቲ ቆሮ፡ ጊባቦ፡ ትእውደኦ...

ውሕልነትክን ልቦናኽን
ጸዓትክን፡ ጻዕርኽን፣
ከም`ቲ ፈለግ ወሓዚ
ከም`ቲ ቃልዕ፡ ግልጺ።

ምሳሕ ... ድራር ተጋደልቲ
ኣብ`ቲ ስእነት ወርሓት ከረምቲ!
ሓብ-ሒክን የዐንጊልክን
ሓይሊ ጸላኢ ሓምሺሽክን።

ብረት ዓጢቕክን
ጸኒሕ ባህሊ በንጢስክን፣
ኣብ ዓውደ-ውግእ ንባዕዲ በዲህክን።

ትኾና ወሓላሉ፡ ትኾና ጀጋኑ
ተዕብያ ዜጋታት ዝሻደኑ፣
ትናቢያ ተዐንግላ
ጽላል ትኾና ጽላል ሳግላ።

ወዛማት ደቂ ኤረይ...

ናይ ቀደም መልክዕክን
ወዛም ወጅሃትክን
ዳግም ክጋሃደልክን
ሎሚ ከም`ቲ ቀደም ክኾነልክን።

ዒላም ወቢእክን ልኻይ ክትሽባሃ
ብመስተር-ወለባ ክትውጅሃ
ሕዛብ ተቐኒትክን ብሓጎስ ክትፍሳሃ።

ተሸባሂ`ሞ ብጨና-ዓደስ
ንስፋሃ፡ ንደስ-ደስ
ጸገምክን ብራህዋ ክድበስ።

ጥብሕኽን ከፈተኦ፡ ጆባእ በልኦ ኩሕሊ
ሕሰም ቁል-ቁል ኣፋ ትደፋእ
ንሰናይ መጻኢ በልኦ ሽሞሪ!!!

ድግዲጊት ተዓጠቓ ከም`ቲ ናይ ዓንተቦ
ቅናትክን ሸጥ ኣብለኦ ንመሬት ዓደቦ፣
ጓልየትክን!! በላ ህጠራ
መሰል ሓርነትክን ክትዓትራ።

መሰልክን ክጥሓስ
ክብረ-መንነትክን ክግሃስ?
ከመይ? ወረ ከመይ!! ዘየዕቆበት?
`ታ ተቓሊስክን ዘዐወትክናኣ ነጻነት?

በላ... ...!

ሾሞንተ መጋቢት...
መርከብ ትኹንክን ውቅያኖሳት ትስንጥቕ
መንኮርኮር`ውን ትኹን ናብ ጠፈር ትምንጥቕ፣
ማዕርነትክን እተውሕስ
ፍትሒ እተንግስ
ሃገረ- ኤርትራ...
ሃገረ... ኤርትራ።

ንቕድሚት ናብ ዓወት!!!

ጺጋይ ነጋሽ
03/07/2013